ዓሊ ሳልም ኣተሓሳስባ እዩ!
ዓሊ ሳልም ዉድብ እዩ!
ዓሊ ሳልም ግንባር'ዉን እዩ!

ብዙሕ ተስፋ ጌርናሉ ዝነበርና ዓዋተ.ኮም ፡ ብፍላይ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ምቅላዕን ኣብ ምምካትን ምብዳህን፡ ከምኡ'ዉን ንመድረኻዊ ፡ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኤርትራ ብምምዛንን፡ ብምግምጋምን፡ ዝሓሸ ኣማራጺ ኣብ ምእማትን ምምዓድን ምእላይን ኣዎንታዊ ኣስተዋጽኦ ስለዝነበሮ፡ ብተወሳኺ'ዉን ብገዳብ ሓበሬታ ኣቢሉ ብዛዕባ ዉሽጣዊ ጉዳያት ስርዓት ፋሺሽቲ ኢሳያስ ንህዝቢ ኣገደስቲ ሓበሬታታት የቕርብ ስለዝነበረ፡ ከም መሪሕ ናይ ደምበ ተቓዉሞ ናይ ሓበሬታ ምንጪ ንወስዶ ምንባርና ኣይንኽሕድን።

ንዓዋተ.ኮም ከም ናይ ተቓዉሞ ንብረት እምበር ከም ናይ ሓደ ኣረኣእያን ዝምባሌን ደጋፊ ወይ'ዉን ተጻራሪ ጌርና ጠሚትናዮ ኣይንፈልጥን። ብኻሊእ ኣበሃህላ ንኹሉ ኣብ ክሊ ደምበ ተቓዉሞ ዘሎ ኣረኣእያታት ብማዕረ እዩ ዘገልግል፡ ጸግዒ ኣይወስድን ዝብል ገምጋም እዩ ነይሩና።

ዋላኳ ነቲ ኹሉ ዝርኤን ዘጋጥምን ዝነበረ ድኽመታት ደምበ ተቓዉሞ ከም'ቲ ዝድለን ዝግብኦን ብትብዓትን ድፍረትን ነቲ ክበሃልን ክግለጽን ክትንተንን ዝግብኦ ድኽመታት ኣብ ምእራም ይኹን ኣብ ምቅላዕ፡ ናይ ማእከላይ መርገጽ ምዉናን፡ ጸገም ይንበሮ እምበር፡ ንደምበ ተቓዉሞ ንድሕሪት ዝጎትትን፡ ንኤርትራዊ ሓድነት ይኹን ሃገርነት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ፡ ኣጀንዳታት፡ ጽበትን ትምክሕትን ናይ ምትእንጋድ መርገጽ ክወስድ'ዩ ኢልና ሓሲብና ኣይንፈልጥን።

ሕጂ ግን ዓዋተ.ኮም፡ ብኣንጻር ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ መንነቱ ይሰርሕ ምህላዉ ክንግንዘብ ክኢልና ኣሎና። ዓዋተ.ኮም፡ ነቲ ብናይ ብርዒ ስም ዝቐርብ ዘሎ (ዓሊ ሳልም) ጽሑፋት ከተኣናግድ እንከሎ፡ ናይ ዉልቀሰብ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን፡ ርእይቶን ሚዛንን፡ ገምጋምን እዩ ኢሉ ከምዘይኣምን ባዕሉ ሓዉ ሳልሕ ቃዲ ኣብ ጹሑፉ ኣስፊሩዎ ስለዘሎ፡ ምስ'ዚ ኣብ ላዕሊ ኣቐሚጥናዮ ዘሎና ኣርእስቲ ፍልልይ የለን ኢልና ኢና ንኣምን። ስለ'ዚ ዓሊ ሳልም ኣተሓሳስባ እዩ፡ ዓሊ ሳልም ዉድብ እዩ፡ ዓሊ ሳልም ግንባር እዩ።

ኣተሓሳስባን፡ ትንተናን፡ ገምጋምን ዓሊ ሳልም፡ መድረኻዊ ማለት ንህልዊ ፖለቲካዊ ጸገማት ኤርትራ ፍታሕ ኣብ ምንዳይ፡ ሓጋዚ ኣገዳሲ ተራ ኣብ ምብርካት ኣስተዋጽኦ ዘይብሉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ መስርሕ ኤርትራዊ ሰዉራ ዝበለየን፡ ዝተሰግረን፡ ድሑርን ጸቢብን ምኻኑ ግሁድ እንከሎ፡ ንዓዋተ.ኮም ከመይ ገይሩ እዩ ኣገዳስን መድረኻዉን ኮይኑ ተራእዩዎም ኢልና ናይ ሕቶ ምልክት ከነቐምጥ ግድን ኮይኑና ኣሎ። ብምኽንያት ጽሑፋት ዓሊ ሳልም ንዝመጽእ ወይ'ዉን ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ሳዕቤን መን እዩ ተሓታቲ? ዋላስ መሰል ናይ ሓሳብካ ምግላጽ እዩ ተባሂሉ ክስገር?

ዝኾነ ኮይኑ ዓሊ ሳልም፡ ዓዋተ.ኮም ብዝገበሩሉ ዘይሕለል ምትሕብባርን ደገፍን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግርኛ ዘለዎ ጽልእን፡ ብድዔን ንዕቀትን፡ ብዘይ ንሓፍነት ክፍንዎ ምዉሩሑ ዓሊ ሳልምን ብጾቱን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግርኛ እንታይ ዓይነት ኣጠማምታን ኣመዛዝናን ኣገላልጻን ከምዘለዎም ኣጸቢቑ በሪሁ እዩ። እዚ ጸቢብን ዱሑርን ኣረኣእያ ዓሊ ሳልም ንዝበዝሖ ክፋል ህዝቢ መታሕት ይኹን ንኣስላም ኤርትራዉያን ይዉክል እዩ ኢልና ኣይንኣምንን። ትምክሕትን ጽበትን ካብ ዝመጸ ይምጻእ፡ ናይ ዋናታቱ ጥርሕ ኮይኑ እዩ ዝተርፍ። ዝበዝሖ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም፡ ብማዕርነት ተኸባቢሩ ክነብር እዩ ዝመርጽ። ከም ብዓል ዓሊ ሳልም ዝኣመሰሉ ዝጠፈሹ ፈላስፋታት ግን፡ ናይ ሰፊሕ ህዝቢ ጥቕምን ረብሓን ሰላምን ኣየገድሶምን። እንታይድኣ ንጽበቶም ምርዋይን ምዕጋብን ጥራሕ እዩ ዝዓዞም።

ዓሊ ሳልም፡ ንወልደየሱስ ዓማር ካብ ፋሺሽቲ ኢሳያስ ኣይሓይሽን እዩ ኢሉ ምግምጋሙን፡ ከምኡ'ዉን ንEPP ናይ ትግርኛን ክርስትያንን ስለዝኾነ ካብ ህ.ግ.ደ.ፍ ፈሊኻ ክርኤ ኣይኽእልን ማለቱ፡ ብመሰረቱ ትግርኛ ይኹን ክርስትያን ብፍጹም ፍትሓውያን ክኾኑ ኣይኽእሉን፡ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ዘለዉ ትግርኛን

ክርስትያንን ካብ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ፈሊኻ ምርኣይ ጌጋ እዩ ዝብል ጉዕዙይ ፕሮፖጋንዳ ንመንነት ዓሊ ሳልም ክሳዕ ክንደይ ከምዘቃልዖ ክበርሃልና ክኢሉ እዩ።

ኤርትራና.ኮም፡ ናይ ወልደየሱስ ዓማር ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ይኹን ናይ ዉዱቡ ፖለቲካዊ መርገጽን ታክቲክን፡ ቅድሚ ሕጂ ደጊፍናዮ ኣይንፈልጥን ንድሕሪ ሕጂ'ዉን ኣይክንድግፎን ኢና። ምኽንያቱ ፍልልይ ስለዘሎና። ብዝኾነ ይኹን መዕቀንን መምዘንን ግን ወልደየሱስ ዓማር ምስ ፋሺሽቲ ኢሳያስ ማዕረ ክንሰርዖ ኣይንኽእልን። ኩሉ ትግርኛ ይኹን ክርስትያን ካብ ፋሺሽቲ ኢሳያስ ኣይሓይሽን እዩ ዝብል ትምክሕታዉን ዓሌታዉን ገምጋም ዓሊ ሳልም ኣብ ተግባራዊ ናይ ቃልሲ መስርሕ ክሰዓር እዩ ኢልና ስለንኣምን ንመጻኢ መድረኽ ክንሓድጎ ኢና። ኣስሚርናሉ ክንሓልፍ ዝግብኣና ቀንዲ እምነት ዓሊ ሳልም ግን ከም'ዚ ዝስዕብ እዩ።

ዓሊ ሳልም፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ማለት፡ ትግርኛ ክርስትያን ማለት እዩ፡ ትግርኛ ክርስትያን ማለት'ዉን ህ.ግ.ደ.ፍ ማለት እዩ። ስለ'ዚ ንትግርኛን ንክርስትያንን ከይኣንበርከኽካን፡ ከይኣዳኸምካን፡ ንህ.ግ.ደ.ፍ ምዉጋድ ዘበት እዩ ዝብል ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ኣተሓሳስባን እምነትን ዝሓቖፈ መርዛም መርገጽ እዩ።

ዓሊ ሳልም ናይ መሬት ሕቶ ምኽንያት ገይሩ እዩ ተቐልቂሉ፡ ንከበሳዉያን ናይ ሽፍታ ገብረ ሳን ሂቡ ናይ መታሕት መሬት ከምዝመንጠሉ፡ ጸንሕ ኢሉ'ዉን ንከበሳዉያን ከም ይሁዳዉያን ንደቂ መታሕት ድማ ከም ፍልስጤማዉያን፡ ብምምስሳል ኣብ ደቂ ከበሳን፡ ደቂ መታሕትን ንዘሎ ጸገም ከም ናይ ይሁዳዉያንን ፍልስጤማዉያንን ዓይነት ጸገም እዩ፡ ስለ'ዚ ኣብ ልዕሊ ከበሳዉያን ክርስትያን "ኢንቲፋዳ" ከነልዕል ኣሎና ኣብ ምባል እዩ በጺሑ ዘሎ። ዓሊ ሳልም፡ እታ ከበሳ መታሕት ትብል ኣገባብ ኣፍራይት ኮይና ስለዘይተረኣየቶ፡ ኣይፋልን እቲ ጸገም ኣብ መንጎ ክርስትያንን ኣስላምን ስለዝኾነ፡ ጀበርትን ሳሆን ካብ ከበሳ ተፈልዮም ሰፊሕ ናይ ኣስላም ግንባር ክምስረት ኣለዎ፡ እተን ትግርኛን ክርስትያንን ዘይኮና ካልኦት ብሄራት'ዉን ኣንጻር ናይ ትግርኛን ናይ ክርስትያንን ዕብለላ ክልዓላ ኣለወን ኢሉ እዩ ዝሰብኽ ዘሎ።

ዓሊ ሳልም፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ናይ ከበሳ ከምኡ'ውን ናይ መታሕት ዝብሃል መሬት ከምዘየሎ ሕርሕራይ ገይሩ ይፈልጥ እዩ። ይትረፍዶ መሬት ኤርትራ፡ እቲ ህዝቢ'ዉን ከበሰታይ ይኹን መታሕትታይ፡ ኣስላማይ ይኹን ክስታናይ ንብረት ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ምዃኑ ይፈልጥ እዩ። ዓሊ ሳልም፡ ነዚ ክዉን ሓቂ'ዚ እንዳፈለጠ እንከሎ፡ መሬት መታሕት ብህ.ግ.ደ.ፍ ተመንጢሉ ዝብል ዕላማ ሒዙ ኣንጻር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ክቃለስ ፡ ህዝቢ ከለዓዕል ኣይበቕዔን። ሕጂ ግን ዉሑድ ቁጽሪ ዘለዎም ደቂ ከበሳ ትግርኛ፡ ክርስትያን፡ ኣብ ምዕራባዊ ቆላ ኤርትራ ሰፊሮም ስለዝተባህለ፡ ጠፋእና ብክርስትያን መሬትና ተወሪሩ፡ እንዳ ሽፍታ ገብረ መጺኣምና፡ መታሕት ተላዓሉ፡ ኣስላም ተላዓሉ ኣብ ምባል በጺሑ።

ዓሊ ሳልም፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንህዝቢ ትግርኛ መሬቶም ጥራሕ ዘይኮነስ ሓሪሶም ንዘፍረዩዎ እኽሊ ከይተረፈ ንቢራ መስርሒ ዝኸዉን ምሩጽ እኽሊ እዩ ብማለት ካብ ዓዉዲ ሓፊሱ ዘሕድግ ስርዓት ምዃኑ ይፈልጥ እዩ። ዓሊ ሳልም ግን ፍትሓዊ ኣጠማምታ ንከይህልዎ፡ ብናይ ጽበትን ትምክሕትን ሕማም ተለኺፉ ስለዘሎ፡ ብመሰረቱ ሓደ ኤርትራዊ ዝብሃል ህዝብን፡ ሓንቲ ኤርትራ ትብሃል ሃገር'ዉን ከምዘላ ኣብ ዘይኣምነሉ ደረጃ ክበጽሕ ክኢሉ ኣሎ። ዓሊ ሳልም፡ ኤርትራ ትብሃል ሃገርን፡ ኤርትራዊ ዝብሃል መንነትን ቅድሚ 119 ዓመታት ኣቢሉ ጣልያን ከምዝፈጠሮ ይፈልጥ እዩ። ጣልያን፡ ነዚ ኤርትራዊ ሃገርነት ንኽምስርት ዝተጠቀመሉ መዕቀኒ ይኹን መምዘኒ ንረብሓታት ጣልያን ኣብ ቅድሚት ዝሰርዕ ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ወይ መግለጺ ንሕና ንኹን ዓሊ ሳልም ከነቕርበሉ ንኽእል ኣይመስለናን። ስለምንታይ ጣልያን ንትግርኛ፡ ንዓፋር፡ ንኩናማ፡ ንሕዳርብ፡ ኣብ ክልተ ዝመቓቐል ሃገርነት መስሪቱ ኢልና'ዉን ንሕና ተፍትሽ ከነካይድ ፍቓደኛታት ኣይኮንናን። ንጣልያን ዝጥዕም ኣገባብ መሪጹ ሰጥለበጥ ኣቢሉ ከምዝገዝኣና ምእማን ግን ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ካልኦት'ዉን እንዳተቐባበሉ ገዚኦምና እዮም። ኣብ መወዳእታ ግን ብመሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ዝብሃል ህዝብን ኤርትራ ትብሃል ሃገርን ንምርግጋጽ ብረታዊ ገድሊ

*ምጅማሩ ንኤርትራዉነት ሓቅነትን ክዉንነትን ዘጣመረ፡ ህልዉና ዘለዎ መንነት ምዃኑ ከረጋግጽ ክኢሉ እዩ። ስዒቡ'ዉን ነቲ ዉረድ ደይብ፡ ኣሉታዉን ኣዎንታዉን ገድሊ ሰዉራ ኤርትራ፡ ከም ታሪኽ ንበይኑ ኣቐሚጥና ብእኩብ ድምር ናይ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ  ቃልስን መስዋእትን ዋጋን ኤርትራ ከም ሃገር ኤርትራዉነት ከም ህዝቢ ጋህዲ ኮይኑ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ቡቑዓት ፍትሓዉያን ናይ ፖለቲካ መራሕቲ ስለዘይረኸበ ግን፡ ናብ ሓድሽ ኣዝዩ ሕሱም ዝኾነ መግዛእትን ባርነትን ክኣቱ ክኢሉ። ንሕና ንኹን በዓል ዓሊ ሳልም ድኹማት ተቓወምቲ ስለዝኾንና ብመሰረቱ'ዉን ከም በዓል ዓሊ ሳልም ዝኣመሰሉ ድሑራት፡ ሓንሳብ ብሃይማኖት፡ ሓንሳብ ብቀቢላ፡ ፖለቲካ ክሰርሑ ስለዝፍትኑ፡ ንኤርትራዉነት ቅድሚት ዝሰርዕ ዕላማ ስለዘይብሎም ክሳዕ ሕጂ ንስርዓት ፋሺሽቲ ኢሳያስ ምዉጋድ ኣይተኻእለን። ዓሊ ሳልም ንነብሱን ነተሓሳስብኡን ኣዝዩ ባዕሉ ስለዘድንቖ፡ ሓያል ተሟጓቲ፡ ሓያል ተኻታዒ፡ ፈላጥ ኮይኑ ስለዝስምዖ ትርር ዝበለ ተቓዉሞ'ዉን ስለዘየጋጠሞ፡ ክትዕን ምጉትን ንኽቕጽል ጌና ይዕድም እዩ ዘሎ።*

*ንሕና ከም ኤርትራና.ኮም መጠን፡ ምስ ፋሺሽቲ ኢሳያስ ዘተ ይኹን ክትዕ ኣየድልን፡ ትርጉም የብሉን፡ ዝብል እምነት ወኒንና ካብ ንቃለስ ነዊሕ ዓመታት ኣቑጺርና ኢና። ብእምነትና ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ  ካብ ሱር መሰረቱ ተማሕዩ ንኽዉገድ ኢና ንቃልሰ፡ ስለ'ዚ ነዚ ናይ ብዓል ዓሊ ሳልም ኣተሓሳስባን እምነትን'ዉን ክንዝትየሉን ክንካተዓሉን ድልየት የብልናን። እንታይድኣ ልክዕ ከም'ቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ሱሩ መሰረቱ ክጠፍእ ንደልዮ ናይ በዓል ዓሊ ሳልም ኣተሓሳስባን እምነትን'ዉን ተማሕዩ ንኽዉገድ ክንቃለሶ ኢና።*

*ነዚ ጽሑፍ'ዚ እንዳኣዳለና እንከሎና፡ ሓደ ካብ ብጾትና ተሌፎን ደዊሉ ነዚ ናይ ዓሊ ሳልም ጽሑፋት ከመይ ትርእዩዎ ኣለኹም? ንምዃኑ'ሽ ዓቕሚ እንተዝህልወኩም ንህ.ግ.ደ.ፍ ዶ ዋላስ ንዓሊ ሳልም ብቐዳምነት መጥፋእኩም ዝብል ሕቶ ሓቲቱና። ብሸነኽና ዝሃብናዮ መልሲ፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ስርዓት እዩ፡ ኣስላማይ ክስታናይ ከበሳ መታሕት ኩናማ ዓፋር .. ወዘተ… ጠርኒፉ ዕላምኡ ዘተግብር ዘሎ ፖለቲካዊ ጉጅለ እዩ። ዓሊ ሳልም ድማ ኣብ ሓንቲ ኤርትራ ዘይኣምን፡ ኣስላም ኤርትራዉያን ግንባር ፈጢሮም ኣንጻር ትግርኛን ክርስትያንን እንቲፋዳ ከካይዱ ዝዕድም ኣተሓሳስባ እዩ። ስለ'ዚ ንሕና ንኽልቲኦም ፈላሊና ኣይንርእዮምን። ህ.ግ.ደ.ፍን ዓሊ ሳልማዊ ኣተሓሳስባታትን ፍልልይ የብሎምን። ኤርትራን ኤርትራዉነትን ምእንቲ ክቕጽል ዝተኸፍለ መስዋእትን ዋጋን ዘልኣለማዊ ክብሪ ምእንቲ ክረክብ ክልቲኡ ናይ ጥፍኣትን፡ ክሕደትን ጥልመትን ኣካላት ክጠፍእ ኢና ንመርጽ እምበር ቀዳማይ ዋላ ካልኣይ ዝብል መስርዕ ኣይነዉጽኣሎምን ዝብል እዩ ነይሩ።*

*ካልኣይ ሕቶ'ዉን ተሓቲትና ኢና፡ እቲ ሕቶ ከም'ዚ ዝስዕብ ቀሪቡ። እዘን ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ዘለዋ ዉድባት'ከ እንታይ ኮይነን እየን ንዓሊ ሳልም ይኣኽለካ  ኢለን ዘይምልሳሉ። ዉልቀ ሰብ እዩ ኢለን ድየን ንዒቐንኦ ዋላስ እንታይ እቲ ጸገም ዝብል እዩ?*

*<u>መልስና፡</u>*

*ዉድባት ንዓሊ ሳልም ኣይነዓቐኦን፡ ዓሊ ሳልም ዉልቀሰብ ከምዘይኮነ ኣተሓሳስባ፡ ዉደባ፡ ግንባር፡ ምዃኑ ሕርሕራይ ገይረን ይፈልጣ እየን። እቲ ጸገም ፍርሂ ጥራሕ እዩ፡ ዓሊ ሳልማዊ ኣተሓሳስባ ኣካል ናይ'ቲ መሽሚሹ ዘሎ ደምበ ተቓዉሞ ምዃኑ'ዉን ኣይትዘንግዕ ዝብል ነይሩ።*

*ኣብ መወዳእታ ዝቐረበልና ሕቶ፡ እዚ ኤርትራዉነትሲ ናይ ብሓቂ ድዩ ሎሚ ክመዝኖን ክዕዘቦን እንክለኹ ብዙሕ ይስከፍ፡ ንምዃኑ ኤርትራዉነት ካበይ እዩ ዝፍጠር፡ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ዕድመ ዘለዎ ሃገር ብግብጽን ብቱርክን፡ ኣቐዲሙ  ከምዝተገዝኤን፡ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ህዝቢ ምዃኑ ይንገረሉ እዩ። ሎሚ ግን ብዙሕ ስክፍታን ምጥርጣርን ሰፊኑን ይርከብ ኣሎ'ሞ ከመይ ትርእዩዎ ዝብል እዩ ነይሩ።*

*<u>መልስና፡</u>*

**ኤርትራዉነት ናይ ብሓቂ ኣሎ ህያዉ እዩ። ኤርትራዊ ሃገርነትን መንነትን ንኽረጋገጽ ዝፈሰሰ ደምን ዝተኸስከሰ የዕጽምትን፡ ዝበረሰ ንብረትን፡ ዝተኸፍለ ሓያል ዋጋን፡ ቀንዲ ምስክር እዩ። ብሓጺሩ ኤርትራዉነት ኤርትራዉያን፡ ሰዉራ መስሪቶም ህልዉንኡ ኣረጋጊጾም እዮም። እዚ ብግብጺ ተገዚእና ብቱርኪ ተገዚእና ዝብል ኣበሃህላ፡ ንሕና ኣይንቕበሎን። ቅድሚ ናይ ጥልያን መግዛእቲ ዝግለጽ ኤርትራዊ መንነት ይኹን ሃገርነት ኣይነበረን። ብሓጺሩ ኤርትራዉነት፡ ካብ ኢትዮጵያ ካብ ግብጺ ካብ ቱርኪ፡ ናይ ትዉልዲ ሓረግ ተፈልዩ ናይ ነዊሕ መዋእል ዕድመ መግለጺ ዝቐርበሉ መንነት ኣይኮነን ዝብል እዩ።**

**ንሕና'ዉን ብሸነኽና ነዚ ሕቶታት'ዚ ንክሓትት፡ ንሓታታይ እንታይ ከምዝደረኾ ምስ ሓተትናዮ፡ ዝሃበና መልሲ፡ እዚ ብስም ዓሊ ሳልም ዝተጻሕፈ ጽሑፋት ብብዙሕ መኣዝናት ገማጢለ ካብ ምንባብ ዝተፈጥረ እዩ፡ ዓሊ ሳልም ሓንቲ ኤርትራ ትብሃል ሃገርን፡ ሓደ ኤርትራዊ ዝብሃል ህዝብን ኣሎ ኢሉ ንኽኣምን ከምዝተጸገመ፡ ብፍላይ'ዉን ናይ እስራኤልን፡ ናይ ፍልስጥኤምን፡ ዓይነት ጸገም ኣብ ኤርትራ ምህላዉ ጋህዲ ምግባሩ፡ ምስ ኣረጋገጽኩ ቶባ ክብልን፡ ኣብ ኤርትራዉነት ክጠራጠር ስለተገደድኩ ጥራሕ እዩ ኢሉ መሊሱልና።**

**ኣብ መደምደምታ ክንብሎን ከንተሓሳሰቦን እንደልዮ ነገር፡ ዓዋተ.ኮም ንመንነት ዓሊ ሳልም ከዊሎም ዝዝርግሕዎ ዘለዉ ጽሑፋት ክሳዕ ናይ ዓሊ ሳልም መንነትን፡ እንታይነትን ዘየቃልዑን ዘይሓበሩን፡ ብሓላፍነት ናይ'ቲ ትሕዝቶ ኣለዎ ክብሃል ይግብኦ እዩ ኢሎም ኣሚኖሙሉ ናይ ዘለዉ ጽሑፋት ዓሊ ሳልም ተሓተቲ ክኾኑ ግቡእ እዩ ኢልና ንኣምን።**

<u>**ናይ ዓሊ ሳልም እምነት**</u>

**ትግርኛ + ክርስትያን = ህ.ግ.ደ.ፍ**
**ህ.ግ.ደ.ፍ + ትግርኛ = ክርስትያን**

<u>**ናትና እምነት፡**</u>

**ህ.ግ.ደ.ፍ ፋሽሽታዊ ስርዓት እዩ፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ናይ ባዕሉ ባህሊ፡ ናይ ባዕሉ ቋንቋ፡ ናይ ባዕሉ እምነትን ልምድን ዘለዎ፡ ምስ ትግርኛ ይኹን ምስ ክርስትና ምትእስሳር ዘይብሉ ናይ ጥፍኣትን ዓመጽን ግፍዕን ትካል እዩ።**

**ኤርትራና.ኮም ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ትምክሕትን ጽበትን፡ ማለት ካብ ትግርኛ ይምጻእ ካብ ክርስትያን፡ ካብ ደቂ መታሕት ይምጻእ ካብ ኣስላም፡ ቅድሚ ሕጂ መኪታቶ እያ። ሕጂ'ዉን ትምክቶ ኣላ፡ ንድሕሪ ሕጂ'ዉን ክትምክቶ እያ።**

**ፋሺሽታዊ ስርዓት ኢሳያስ ከይተደምሰሰን፡ ኣተሓሳስባኡን ፍልስፍንኡን ተሓጺቡ ከይጠፍኤን ሰላም፡ ፍትሒ ከቶ ክህሉ ኣይኽእልን።**

**ኤርትራና.ኮም**
**ጥቅምቲ 2, 2009**